# ትዕዝብቲ

ሕሰብ ኣስተውዕል ተማራመር ተባራበር

ሰላም ኩቡራት ተኻታተልቲ ወይብ-ሳይታት፣ከመይ ቀኒኺም፣ እዋኑ ናይዚ ዝተፋላለየ ዋዕላታት፣ጉባኤታት፣ ፈስቲቫላት ሰሚናራት ክካየድ ዝወረሐ ዘርኢ ኮይኑ፡ገምጋምን ከመይ-ነይሩ፣ ብኸመይ ይዋዳደብ ኣሎ ዝብል ውኹሳ ክመጸካ ባህርያዊ እዩ።

ካብዚ ዝነቐለ ኣብቲ ንሕና ዝተኻፈልናሉ **መስራቲ ጉባኤ** ናይ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ እርትራ(EPDP)፣ ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንፍትሒ(EMJ)፣መድረኽ ሃገራዊ ዘተ(FND)፣ውልቀ ሓርበኛታት ዝተሳተፍዎ ዝተኻየደ ኣወንታዊ ጉባኤ፡ኣጋባቡን ጉዑዙኡን፣ኣበይ በጺሑ ዝብሉ ሕቶታት ብሕጽር ዝበለ መስ ርእይቶና ዝሓወሰ ክንገልጾ ክንፍትን ኢና፡፡

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ውድባትን ውልቀ ሰባትን ኣብዚ መስራቲ ጉባኤ ክበጽሓ፣ ዝኻኣላ ነቲ ካብ ነዊሕ እዋን ዝካየድ ዝነበረ ናይ ምቅርራብ መድርኽ፣ድሕሪ ነዊሕ ዘተን ብዙሓትን፣ሰፋሕትን ሰሚናራት፡ተጾሚቑን ናይ ሽዱሽተ ውድባት ጐዕዞ ሓድነት፣ብተዳጋጋሚ እና ተራኺባ ኣብ ሸትኡ ንምብጻሕ ዝካየድ ዝነበረ ጻዕሪ፣ገለ ካብኣተን'ውን ብናይ ፖለቲካዊ ማሻ፣ ወይ ግዚኡ ዝሓለወ ፖለቲካዊ በለጽ ክባሃል ይካኣል፣ በቢ-ሓደ ካብ መገዲ ሓድነት ብምስሓብ ኣብ ሰለስተ ድሕሪ ምትራፍ፣ውልቀ ዜጋታት ዝተሓወስዎ ኣብ ምዕራፍ **መስራቲ-ጉባኤ** ክብጻሕ ተኻኢሉ፡፡

ካብ-ዕለት 23 ስጋብ 25 ነሓሰ ዝተጋበኤ **መስራቲ-ጉባኤ**፣ድሕሪ ዝሃለፈ ተሞክሮታት፡ምጽንባር ናይ ውድባትን፣ ስሙር ግንባራት ናይ ዝተፋላለያ ውድባት ምንቅስቓሳት ዝኣመሰሉ መስርሕ ሓድነት ወይ ሓቢርካ ምስራሕ፣ ውጺኢቱ ነዚ ዝርኣናዮን ዝተሞኮርናዮን ዘሎ-ደምበ ፍትሒ ስለ ዝኮነ፡ተጠሚርካ ሓደ ኣካል ክትከዉን ዘየብቅዕን ዘይካኣልን ምኽኑ ብተምክሮ ስለ ዘራጋገጽናዮ፤ውድባትካ ኣፍሪስካ/ኣሕቂቕካ ውልቀ ዜጋታት ዝሓወሰ ኣብ ባይታ ተራኺብካ ብምግባእ፡ሓደ ጹኑዕን ናጽነቱ ዝሓለወ **ኮሙኒቲ ወይ ህዝባዊ ማሕበረ-ሰብ፣መሰል ውልቀ ዜጋ ማእከል ዝገበረ፣ ሓድነት ኣብ ቡዙሕነት** ዝተሞርኮሰ/ዝዓለመ ኣጋባብ ብምኽታል፣እንሆ ፍረ ውጺኢቱ **ውድብ፣ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ (ሓ.ደ.ለ.)** ዝብል ተመስሪቱ፣ ኣብ ፍትሓዉን ዲሞክራስያዉን ባይታ ብምውሳእ ብምሉእ ሓይሉ ናብ ሓድነታዊ መስርሕ ደምበ ፍትሒ ጉዕዙኡ ይነቅል ኣሎ።

**ኣድህቦና ፣ ውይ ከነካፍለኩም እንደሊ ዞሎና፡-** ከመይ ነይሩ ብኸመይ ተደምዲሙ ዝብል ነጻ ኮይና **ትዕዝብትና** ምቕራብ ዝዓለመ ኮይኑ፣ነዚ ብነጻ ርእይትኡ ከቕርብ ዘፍቅድ ውድብ ብኣትኩርነትን ኣድህቦን ክትርእይዎ ክኣ ንዕድም።

ኩሉ ዜጋ ውድባቱ ኣሕቂቑ/ኣፍሪሱ ሓድሽ መድረኽ ንምኽፋት ዝነበሮ ህንጥይነት/ድልየትን፡እቲ ዝኻኣለ ብኣካል እቲ ብስራሕ ይኹን ብዝተዳነፎ ጥዕና ጉድለት ከምኡ ቁጠባዊ ሕጽረት፣ሙሉእ ብሙሉእ ጉባኤ ምእንቲ ክሳተፍ ኩሉ ዓይነት መራኸቢ ቡዙሓን ብምጥቃም ናይ ሓባር ተዋሳእነት ክትዕዘብ ከለኻ ምስ ግዜን ኩነታትን ተማዓራርዩ ዝኸይድ ውዳበ ብምባል ኣድንቖትን ናእዳን ምቕራብ ጥራይ እዩ ዝርኣየካ።

ካብዚ ዝነቐለ ነቲ ምስ ሓድሽ መድረኽን ጥበባትን ተጠቒመ ኣብ መስራቲ ጉባኤ ክስተፍ ቁሩብ እየ ዝበለ ድልየቱን ቆራጽነቱ ዘዐግብ ኣጋባብ፡ዑቱቡን ቁምነገራዉን (serious) ምንባሩ ኣራጋጊጹ።፡ብሓጺሩ ጉባኤ ብዘለዎ ዓቕሚ ኣሳታፊ ነይሩ ክባሃል ይክኣል። እቲ ኣዚዩ ጎሊሑ ዝርኣየና (tension) ውጥረት/ቀውሲ/ዘይምቅዳው ዘይብሉ፣ድልየት ምርድዳእ ዝተሓዎሶ ሓድሽ ኣጋባብ መስርሕ-ሓድነት ተኸቲልካ ምክእኣልን ምክብባርን ቀንዲ ናውቲ ዕይኡ ንምኧን ዘርእዮ ዝነበረ ዓቕላዊ ባህርያት እዩ ዓዚዙ ነይሩ።

ከምዚ'ሉ እቲ ብ-ኣካል ኣብ ጉባኤ ዝሳተፍ ዝነበረን፣እቶም ካብ ኣመሪካ፣ኣውስትራልያ፣ሱዳን፣ማእከላይ ምስራቕ፣ኤውሮጳ ብሳይበር ዝራኸቡ ዝነበሩ፣እናተቓባበሉ ክዛተዩ ክትዕዘብ ከለኻ ሓደ ዓቢ ሱጉምቲ፣መስርሕ ዲሞክራስያዊ-ተሳታፍነትን፣ኩሉ ግዚያዊ ተክኖሎጂ ክትጥቀም ምርኣይ ንገዛእ ርእሱ ሓደ ነጥቢ መቐይሮን ሉዑሉን ምዕቡልን ክትብል ትኽእል፡፡

ኣሳናዳኢት ሽማግለ፣ከም ኣጋባብ ዝተጠቕመሉ ናብ ኩሎም ናብ **መሥራቲ-ጉባኤ** ትሳተፍነት ወይ በዓል-ዕጫ ክኸዉን ቁሩብ ዝኾነ፡ኣቐዲሙ በታ ሰነድ እታዳሉ ዝቐረበቶ **መርሃ ገጽ-ምድሪ(Rodmap for the Democratization of Eritrea)፣ፖለትካዊ ፕሮግራ፣ውሽጣዊ -ሕግታት ውደባ፣**ንነፍሲ ወከፎም ኣብ ኢዶም ክበጽሕ ስለ ዝገበርት፣ጉባኤኛ ብደምቢ ኣንቢብዎን ተረዲእዎን ጥራይ ዘይኮነስ፣ምምሕያሽ ዘድልዮ ክማሓየሽ፣ ክእረም ኣለዎ ዝብል ከእረም፣ክውሰኽ ኣለዎ ዝባሃል እንተሎ ክውሰኽ ዝብል፣ብወገን ተኻፊልቲ ቅድመ ዕለተ ጉባኤ፣ብመገዲ ኣሳናዳኢት ሽማግለ ናብቲ ዘርእዮ ኣካል ብምልኣኽ ኣበርክትኦምን ደገፉቶም ስለ ዘቕረቡ፡ ኣሳናዳዊት ሰነዳት ኣማሕያ ናይ መወዳእታ ነድፍታት ኣስታኻሊላ ናብ ኩሉ ክበጽሕ ብምግባር፣ተሳተፍቲ ጉባኤ ተቐሪቦም ስለ ዝመጹ፣እሩሙን ወረጃን ኣጋባብን ቁምነገር ዝሕዘለ ብሱል ክትዕ ኣብ ርእሲ ምክያዱ፣እታ ንጉባኤ ክትመርሕ ዝተመርጸት ሰክረታርያ'ውን ንኹሉ ዘሳትፍን ዕሙቕ ዝበለ ዘተ ምርድዳእ ንኽህሉ በጋባብ ዝመርሐት ክባሃል ይካኣል፡፡

ካብቲ ዝተራእየ ክትዓት፣ካብቲ ዝሓለፈ ጉባኤታት(discontinuity)ዘይቀጻልነን ካብ ግትርነት ዝርሓቐ፣ ንምቅዳው ዝዓለመ፣ን-ኢሂን-ሚሂን ዘድሃበ፣ኣጋባብ ዝተኸተለ እዩ ነይሩ ክባሃል እካኣል፡፡ንመጀመርያ ግዜ ናጻ ዝኾነ ማዕከን/ውሃብ ዜና ዝተሳተፎን፣ብነጻ ቃል መጠይቕ ዝግበረሉ ምንባሩ ሓድሽን ነቲ ምጥርጣር ዝብል ባህሊ ተሰጊሩን ጉሉጽነት ዘታኣታቱ ወይ ዝጅመረሉ እዉን ክንብሎ ንኽእል፡፡

እዚ ኮይኑ እቲ ኣጋባብ፣ብዛዕባ ዲሞክራስያውነትን ሙሉእ ብሙሉእ ተበጺሑ ክብሃል ኣይካኣልን፤ምኽንያቱ እቲ ኒነዊሕ ሓሊኹና ዝጸንሐ ባህርያትና ናጻ ኢና ክንብል ካብ ኩነት ዝራሓቐ ኮይኑ ይስማዓና።ፍትሓዉን ዲሞክራስያዉን ክትከዉን ድልየት ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን፣ብዙሕ ዲሞክራስያው-ልምምድን ለውጢ ብሰውነትካ ከም ዝጅመርን ሙሉእ ምርዳእን ጻዕርን ዘድሊ ምኳኑ እንርድኦ ኮይኑ፣ኣብ ሓጺር ግዜ ክካናወን ዘይኽእል ምኳኑ ብሩህ እዩ፡፡ስለዚ ብዛዕባ ደሞክራስያዊ ኣሳራርሓን ኣተግባብራን ጌና ኣብ ጉዕዞ ዝርአን፣ኣብ ስራሕ ክትርጎም ትጽቢት ዝግበረሉ ምኳኑ **ክንዕዘብ** ኪኢልና፡፡

እቲ ኣገዳሲ ግን፣ድልየት ምህላዉን ብምትሕግጋዝን እንካን ሃባን እናበልካ ንቕሓትካ ሓፍ ንምባል ቁሩቡነት ጥራይ ዘይኮነስ ክስራሓሉ ከም ዘለዎ በቲ ዝዋሃብ ዝነበረ ለበዋታት ንገዛእ ርእሱ ሓባሪ እዩ።

ናትና(consideration)ሓልዮት ወይ ግምት ክንህብ እንተ-ደኣ ኾይኑ፡

ሀ) እቲ ዝሓለፈ ውድባዊ ምንቅስቓሳት ዝካየዶ ኣጋባብ ሓድነታዊ ቃልሲ፣ውጺኢቱ ተጠሚርካ ሓቢርካን ክትሰርሕ ካብ ዘይተኻእለ፡ንኹሉ ዘራሓሕቕ ግብርታት ኣሕቂቕካ ውድብታትካ ኣፍሪስካ **ሀ** ኢልካ ምጅማርን በቲ ናተይ-ትብሎ መስርሕ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ክትሰርሕ፡ውሽጣዊ-ሕግታት ውዳበ ክትምእዘዝን፣መርሃ ገጽ-ምድሪ(Rodmap) ቀሪብካ፡ናብ ህዝብኻን ዘለዋ ውድባትን ምንቅስቃሳትን ን-ኣፍልጦ ምዝርጋሕን፣ምቅርራብን ሓቢርካ እትሰርሓሉ፣እትጥቀመሉ መስርሕ ሰነድ ብምሕባር፣ምስ እትሰርሕ ሓድሽን ኣዐዋትን ምኳኑ እምነትና ዘንበርናሉን ዝተዋሳእናሉን እዩ፡፡

ለ)መስርሕ መስራቲ-ጉባኤ፣ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ብምክያዱ፣ኣሳታፊን ውህደት ዘለዎ ዘተ እኳ ይኹን እምበር እታ ለውጢ ካብ ሰብነትካ እያ ትጅመር ትብል ቃል-ሓረግ መስርሕ ዲሞክራሲ፣ ብዙሕ ክዕየየሉ ዘለዎ ኮይኑ ይርኣየና፡፡ብፍላይ ፍትሓዉን ብዝዓዘዘ ዲሞክራሲን ዲሞክራስነትን፣ዝብል ኣርእስቲ ሰፊሕ ትምህርቲን ልዝብን ከም ዘድልዮ ሪኢና። ምኽንያቱስ መስርሕ መሰል፣ናጽነትን ክብርን፣ብዝያዳ ፍትሓዉን ዲሞክራስያውያን ንምኳን፣ ዘግ እናበለ ብቐጻሊ ጻዕሪ ናይ ኩላትና ዝራጋገጽ ስለ ዝኾነ፤እዚ መስርሕ'ዚ ኣብ ዝኾነ ሓደ ታሪኻዊ ሁሞት ተራጋጊጹ ኢልካ ዘቋርጽ ኣይኮነን።መሰረታዊ መንደቕ ሓድነት ክትሃንጽ ምእንቲ፡ **ናጽነት ማለት ብነጻ ፍልላይካ/ተቛሞኻ ምቕራብን ብኑጹር ምዝታይን እዩ ኢላ ነይራ፣ሮሳ ሉሰምበርግ ብ1871-1919**።እንተ-ደኣ ኣብ ሓደ እዋን፣ ካብ ዝተፋላለየ ምትእኽኻብ ክትበጽሕ ኪኢልካ፡ዝተፋላለየ ራኢን ሓሳብን ክህልወካ ባህርያዊ እዩ።ነዚ ምፍልላይ ወይ ዘይምስምማዕ ካብኡ ሓሊፉ መልክዕ ግርጭት ክርአ ከሎ፡ናጽነት ናይ ውልቀ ዘጋ ዘሓለወ ወረጃዉን ንስምረትካ ዘይሰብር ኣጋባብን ኣታኣላልያን፣ከራኽበካ ዘኽእል ማእከላዊ ጠማሪ ሓሳብ ክህሉ ከሎ፤ውህደት ሲኒትን ተታሒዘን ይኸዳ። ኣነ ዝበልክዎ እያ ቅንዕቲ ምባል ኣብ ርእሲ ኣንነት፣ንመስርሕ **ሲኒትን** ሓቢርካ ምስራሕ ይዕንቅፍ፣ነጋባብ ዲሞክራሲ ክኣ የዛናብልን የስሕትን። እዚ ዓይነት ባህሪ ሓሓሊፉ ይርአ ስለ ዝነበረ ብኣጋኡ ክግታእ ኣለዎ ንብልን ነማሕጽንን፡፡

**መሰል ፍጡር ወድሰብ ምንጻግ ማለት፣ሕልናኡ ምዕራብ፣ፍናኑ ምስባር እዩ ዘስዕብ፡ዝበሎ ነልሰን ማንደላ፣እቲ** ዝኸፍአ ንሓደ ምሳኻ ዝቃለስ ክትጥቀመሉ ዘይግባእ፣መሰሉ ዘይምሕላዉን፣ከም ዜጋኻ መጠን ንሓሳባቱ ብኣትክሮን ብዘዋሃህድ ራኢ ዘይምጥማት፣ናይ ምድዕዓስ ቅላት ብምጥቃም ገታኢ ሓሳባት ጥራይ ምቕራብ፣ካብ ጠቕሙ ጉድኣት እዩ ዘስዕብ ዝብል እምነትና ኮይኑን፣ከምዚ ዝበለ ስሚዒትት ከይሰፍር ምእንቲ ብጥንቃቐን ንኣባላትካ ዘድሊ ኣኽብሮትን ናጽነቶም ሕሉው ምዃኑ ዘራጋግጽ ባይታ ክህሉ-ከሎ ኣብ ርእሲ ዲሞክራስያዊ ባይታ ሃብታም መስርሕ ሓድነት'ውን እዩ ክንብሎ ንኽእል።

ብርእይቶና ከምቲ ኣቦ፣ሊበራል-ደሞክቲክ ኢሉም ዝሰምይዎ ኣመሪካዊ ራይሞንድ ኣሮን ዝበሎ፡ኣብ ሙዑቡል ዘመን ናጽነት ናይ ብቕዓት (ኪኢላታት)፣ናጽነት ናይ ውድብን ምምሕዳሩን ክውንን ምስ ዝኽእል፣ ንዝቃላቓሉ(ambition) ኣንቅጾ/ሕልሚ/ጥሕልንቲ፣ኣብ ውሽጥኻ ክህሉዉ ስለ ዝኽእሉ፣ኣትክሮ ክህልወካን ጌና ከሎ ዝዕገተሉ መስርሕ ክትውንን ምስ እትኽእል፣ጉዑዞ ዲሞክራሲ ኣይዕንቀፍን፣ፍትሒ ክትነግስ ግዝኣተ-ሕጊ ክትግበር መገድታት ተጣጥሕ፣ንዝፍጠሩ ዱንኩላት ክትኣሊ ትኽእል ንብል።

ናጽነት ውድባት ክህሉ ዝሕብር፡ ነጻ ዝኾኑ ሰባት ምስ ዝጥርነፉ ንዲሞክራሲ ብቕዕትን ምስ ግዜ እትምዕብልን ክገብርዋ ይበቕዑ ኢሉ እዩ ዝምህር ተኮቪል ኣቦ ሊበራል ዲሞክራሲ ዝስመ ፍላስፋ።ብዛዕባ እዞም ዓበይቲ ፍላስፋታት ንዝመጽእ ክንዛተየሉ ኢና፤ኮይኑ ግን ሓደ ነጻ ሰብ ኣብ ዘኽብሮን ዝፈትዎን ሕብረተሰብ፣ንዘውጽእዎ ሕጊ ዝምእዘዝን ንምምዕባሉ ዝጽዕርን፣ሓድነቱ መሰረት ልእላውነት ሃገር ምዃኑ ዝርኢ ዘበለ፣መሰሉን ጉቡኡን ኣዛሚዱ እዩ ዘካይድ፤ስለዚ እዚ ውድባቱ የሕቂቑ ምስ ውልቀ ሓርበኛታት ሓቢሩ ሓድሽን ንህዝቢ ማእከል ዝገበረ ዓይነት ኣዋዳድባ ዝሓዘ፣ንዘሎ ምልዓል ህዝቢ ብዓቢ ተገዳስነት ዝርኢን፣ንጉዕዙኡ ጠንኪሩ ክሽይድ ዝተሓባብርን ዘታባብዕን ህዝብዊ ምልዓል **ይኣክል**፣ተጠርኒፉ ሓባራዊ ስራሕ ዝካየዱሉ፣ዘለዎ ንድፍታት ዝሳራጨወሉ፣ናይ ሓባር መስርሕ ዝስንደሉ ንምብጻሕ ብዓቕሚ እዚ ውድብ፡ሙሉእ ምትሕብባር ከም ዝገብር ዘራጋገጸ ምኻኡኑ የሐጉስን የሐብንን፡፡

ምስ ኩለን ውድባት፣ምንቅስቓሳት፣ህዝባውያን ማሕበራት፣እዉን እንተኾነ ናይ ሓባር መኣዲ ዘተ ዝኽፈተሉ፣ ንዕኡ እትሰርሕ ሽማግለ ምቅርራባት ክትህሉን ብዑቱቡን መደቡ ዝሰርዐ አሳራርሓን፣ ናይ ህዝብና ጠለብ ዘማልእ፣ቀንድን ከም ቀዳማይ ስራሕ ንኽውሰድ፣ብዝቐርብ ዝነበረ ለብዋታትን ምሕጽንተታትን ኣኻሊ ምስክር እዩ፡፡ ብወገና እዉን ብኣትክሮን ዑዙዝ ተጋዳስነትን ሓላፍነትን ክስርስሓሉ ዞሎና ትምንቲን ባህግን ምዃኑ ንገልጽ፡፡

ብዝተረፈ ኩቡራት ተኻላኸልቲ ወይብ-ሳይታት ከም ትርእይዎ ዕንባባታት ሓድነትን ሓቢርካ ምስራሕ ህዝባዊ ጽድያ/ኣያት(spring) ተጀሚሩ ኣሎ ሓቢርና ንሳትየፎ።

ሕጂውን ሕሰብ ኣስተዕል ተማራመር ተባራበር

ኣቕረብቲ

ፍትዊ ክፍለ

ብዞ ቡቱኞሊ